# ሓፈሻዊ መግለጺ፤ምምርማርን ምፍዋስን ናይ ጡብ ካንሰር።

ናይ ጡብ ካንሰር ከምዘሎክን ከምዝይብልክን ንምርግጋጽ ንብዙሕ ሳምንቲ ዝወስድ ዝተፈላልየ ዓይነት መርመራታት ይካየደልኪ።



Image: National Cancer Institute; Bill Branson, Photographer

መጻረዩ መርመራ ምልክታት እቲ ሕማም ንምርካብ ኣብተን ስሞዒታት ኣቲ ሕማም ዘይብለን ዝግበር መርመራ እዩ።እዚ መርመራ ድቒ እንስትዮ ኩሉ ግዜ ኣብ ዝገብርኦ ናይ ክንክን ጥዕና ክም ልሙድ ክግበር ዘለዎ መርመራ እዩ ። ንምሳሌ 3 ዓይነት ናይ ጡብ ካንሰር መጻረዩ መርመራታት ዓመታዊ ናይ ማሞግራም ,ናይ ጡብ መርመራ ብሓኪም ናይ ብኢድ ዳህሳስ ዝካየድ, ናይ ጡብኪ መርመራ ባዕልኺ ብኢድኪ ጡብኪ ብምድህሳስ እተካይድዮ ተፍትሽ መርመራ እዩ። ሓደ ካብዞም ዝጠቐስናዮም መርመራታት ውጽኢቱ ዝስግእ ምስዝኸውን ወይድማ ጥረ ሕበጥ ምስዝርከብኪ ሓኪምኪ ካልእ ዝለዓለ መርመራታት ይእዝዘልኪ።



© 2005 Terese Winslow, U.S. Govt. has certain rights

ዝለዓለ መርመራ ይካየደልኪ ናይ ጡብ ካንሰር ሕማም ምስ ዝጥርጥር ብመሰረት እቲ ዝተረኽ ምልክታት። ሓደ ካብቲ መርመራታት ኤም ኣር ኣይ እዩ እዚ መርመራ እዚ ምግኤት ኮምፕዩተር ብምጥቃም ኣብ ውሽጢ ስወንተኪ ንጹር ስእልታት ይቀርጽ፣ ናይ ደም መርመራ ናይ ዓጽሚ ስካን መርመራ ካልኦት እቶም ክልተ ዓይነት መርመራታት እዮም, ክምኡውን ኣልትራ ሳውንድን ማሞግራምን ካልኦት ዝለዓሉ መርመራት እዮም።



© 2005 Terese Winslow, U.S. Govt. has certain rights

ሓድ ሓደ ዓይነት መጥባሕቲ ብዝበልጸን ብጭቡጥን ንምርግጋጽ ካንሰር ከምዘሎክን ከምዘይብልክን ንምምርማር ይግበር እዩ። ባዮፕሲ ዝበሃል ዓይነት መጥባሕቲ ንእሽቶይ ቕንጣብ ስጋ ብምውሳድ ካንሰር ክምዘለዎን ዝይብሉን ዝካየድ ምረመራ እዩ።እዚ ናይ መጥባሕቲመርመራ እዚ ድማ ነቲ ሓኪምኪ እንታይ ከምዘሎ ድሕሪ ምሕባር ብቐጻሊ እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ክውስድ ክምዘሎ ይብርሃሉ። ኩሉ ግዜ ቕድም ናይ ባዮፕሲ መጥባሕቲ ምስተካየደ ተውሳኺ መጥባሕቲ ስዒቡ ይካየድ ነቲ ካንሰርን ከባቢኡን ዝርከብ መርበብ (ቲሹ)ንምእላይ።እቲ መጥባሕቲ ብተውሳኺ ጽቕታት ኣልጊሱ እቲ ካንሰር ኪኖው እቲ መርመራ ዝተገብረሉ ክፋል ሰዉነት ኣብ ካልእ ቦታ ኣስፋሕፊሑ ምስዝኸውን ብመጥባሕቲ ይኣልዮ።

**ሉምፐክቶሚ** ዝበሃል ዓይነት መጥባሕቲ ናይ ካንሰር ጥረ ሕበጥን ኣብ ከባቢኡ ንዝርከቡ መርበባትን ንምእላይ ዝግበር መጥባሕቲ እዩ።

**ማስከቶሚ** ዝበሃል ዓይነት መጥባሕቲ ድማ ናታ ጡብ ብሙሉኣ ብመጥባሕቲ ቖሪጹ ንምእላይ ዝካየድ መጥባሕቲ እዩ።



Image: National Cancer Institute

ካልእ ተውሳኺ መጥባሕቲ ምስዘየድሊ ካልኦት ዓይነት ናይ ሕክምና ረድኤት ይካየዱ። **ራድየሽን ትሪትመንት** (ጽልዋ ጸርጊ) ሓድ ሓደ ግዜ እምበር ኩሉ ግዜ ኣድላይ ኣይኮነን። ናይ ሉምፐክቶሚ መጥባሕቲ ተኻይዱ ናይ ራድየሽን ሕክምና ይካየድ መታን እቲ ካንሰር እብቲ ተሪፉ ዘሎ ናይ ጡብ መርበብ ኘኸይምለስ፣ ራድየሽን ኣድላዪ ይኸውን እቲ ካንሰር ዓቢ ምስዝኸውንን ኣብ ሓድ ሓደ ጽክታት ምስ ዘስፋሕፍሕን።



*Image: National Cancer Institute*

ክምልሙድ ነቲ ካንሰር ንምእላይ መጥባሕቲ ብቐዳምነት ይካየድ ክሞተራፒ ኣብቲ ዝካየድልኪ ዓይነት ሕክምናታት ዝካየደልኪ ምስዝኸውን ብኻልኣይ ደረጃ ይስራዕ ራድየሽን ድማ ድሕሪ መጥባሕቲ ይካየድ ራድየሽን ድሕሪ ከሞተራፒይካየድ። ታሞጺፈን ወይድማ ካልኦት ናይ ሆሮሞናል ሕክምና መብዛሕትኡ ግዜ ድሕሪ እቶም ካልኦት ሕክምናዊ ረዲኤት ስ፟ቦም ይካየዱ።

ሓድ ሓደ ግዜ ሕክምናዊ ረድኤት ብዝተፈላለየ ኣገባብ ይወሃብ ንደቂ ኣንስትዮ እቶም ሓካይም ደማ ውጽኢት ናይቲ እተካየድ ሕክምና ውጽኢት ይዕዘቡ ቅድሚ መጥባሕቲ ምኽያዶም።እተን ደቂ ኣንስትዮ ብዝበየን ዝበርትዔ ካንስር ዝሳቐያ **ከሞተራፒ** ኣቀዲሙ ይወሃበን።ከሞተራፒ ንዓበይቲ ሕበጥ ኣብ ካልእ ክፋል ስውነት ጥረ ክምዝሓቑ ይገብሮም ቅድሚ መጥባሕቲ።

ሓድ ሓደ ናይ ሕክምና መደበራት ኪሞተራፒን ራድየሽን ብሓባር ብሓደ ግዜ የካየዱ(ከይተፈላለዩ)።